# Medicare ን Apple Health Classic Medicaid

## ብተደጋጋሚ ዝሕተቱ ሕቶታት

### ኣብ ሞንጎ Medicare ን Apple Health Classic Medicaid ዘሎ ኣፈላላይ እንታይ እዩ?

ክልቲኦም መደባት ዕድምኦም 65 ወይ ልዕሊኡ ኮይኑ ምርኣይ ዝተስኣኖም ወይ ስንክልና ዘለዎም፣ ናይ ነዊሕ እዋን ኣገልግሎትን ደገፍ ዘድልዮም እዮም። ኣብ ሞንጎ እዞም መደባት ዘሎ ኣፈላላይ ዘካትት ድማ፡

- Medicare ናይብምምሕዳር ማሕበራዊ ውሕስና (SSA) ዝመሓደር ናይ ፌደራል መድሕን እንትኸውን ናይ ኣታዊ ገደብ ድማ የብሉን።
- Apple Health Classic Medicaid ብሰበ ስልጣን ክንክን ጥዕና i (HCA) ዝመሓደር እንትኸውን ብቑዕነትን ምዝገባን ድማ ብማሕበራውን ጥዕና ኣገልግሎት (DSHS) ይካየድ። ብቑዕነት ዝረጋገፅ ድማ ከም ኣታዊ፡ ፍልፍላት፡ እትነብረሉን ናይ ዜግነት ወይ ስደተኝነት ኩነት ዝኣመሰሉ ብዙሓት ረቛሕታት መሰረት ዝገበረ እዩ።

### ን Apple Health Classic Medicaid ብቑዕ ንምኳን ን Medicare ከመልክት ኣለኒዶ?

ኣይፋል፡ ናብ Apple Health Classic Medicaid ቅድሚ ምምልካትካ ናብ Medicare ክተመልክት የብልካን፡ ዕድመኻ ትሕቲ 65 ኮይኑ ስንክልና እንተድኣ ኣለካን Apple Health ትረክብ እንተኔርካ ን Medicare እውን ብቑዕ ክትኸውን ትኽእል ኢኻ።

### ናይ Medicare ምልክታይ ብኸመይ ክረክብ ይኽእል?

ናብ SSA ብምድዋል ወይ ንዋሽንግተን ስቴት ናይ ጥዕና መድሕን ጥቕምታት ኣማኻሪ (SHIBA) ብምርኻብ ምርካብ ትኽእል ኢኻ። SHIBA ን Medicare ን ካልኦት ኣብ ናይ ጥዕና ክንክን ደገፍ ዝገብ ናፃን ምሽጥራውን ኣገልግሎት ይህብ።

- SSA:
  - **ቴሌፎን:** 1-800-772-1213 (TTY: 1-800-325-0778)
  - **ኦንላይን:** ssa.gov
- SHIBA:
  - **ቴሌፎን:** 1-800-562-6900
  - **ብኣካል:** insurance.wa.gov/find-local-shiba-office
  - **ናይ ቛንቛ መራኸቢ ኣገልግሎት:** insurance.wa.gov/language-link-services

### ኣብ ተመሳሳሊ እዋን Apple Health Classic Medicaid ን Medicare ክህልወኒ ይኽእልዶ?

እወ ፡ Apple Health Classic Medicaid ን Medicare ብሓባር ክህልወካ ከሎ ናይ ባዕሉ ረብሓታት ኣለውዎ። Apple Health ድማ Medicare ዘይሸፍኖም ከም ምንካይ፡ ሓበራዊ ክፍሊት፡ ናይ ንምድማፅ ሓገዝቲ መሳርሕታትን ናይ ስኒ ሕክምና ኣገልግሎት ዝኣመሰሉ ወፃኢታት ኣብ ምሽፋን ክሕግዘኩም ይኽእል። Apple Health Classic Medicaid እውን ናይ Medicare ቁጠባ መደብ (MSP) ዘለዎ እንትኸውን እዚ ድማ ናይ Medicare ፕሪምየም ንምሽፋን ይሕግዘኩም።

## ናይ Medicare ቁጠባ መደባት እንታይ እዮም?

Medicare ቁጠባ መደብ ሰባት ናይ Medicare ፕሪምየም ኣብ ምኽፋል ይሕግዞም፡፡ እዚ ድማ ክፍሊ A ን B ፕሪምየም ዘካትት እንትኸውን ከምኡ ድማ ካልኦት ምስ Medicare ዝተሓሓዙ ከም ሓበራዊ መድሕንን ምንካይን ዝኣመሰሉ ወፃእታት ኣብ ምሽፋን ይሕግዝ፡፡

# ፍልፍላት

### Medicare

- ማሕበራዊ ውሕስናይ | SSA
- Medicare ጥቕምታት | SSA
- ቅጥዕታት፣ ሓገዝን ፍልፍል | Medicare
- ተወሳኺ ሓገዝ መደብ፡ Medicare ክፋል D ናይ ትሑት ኣታዊ ድጎማ (medicareinteractive.org)

### Medicare ቁጠባ መደባት፡

- Medicare ቁጠባ መደባት በራሪ ወረቐት| HCA
- Medicare ናይ ቁጠባ መደብ | HCA

### ን Apple Health Classic Medicaid ከምኡውን/ወይ Medicare ቁጠባ መደብ ምምልካት፡

- DSHS ኦንላይን ምልክታ፡ ዋሽንግተን ኮኔክሽን| DSHS
- ናይ ወረቐት ምልክታ: Medicare ናይ ቁጠባ መደብ ንምምልካት| HCA